## 1 መመልከቲ ቅጥዒ

እቲ **REVIS** ዝብል ቅጥዒ ብኢንተርኔት ኣብ **fns.lu** (ብኤለክትሮኒካዊ መልክዕ) ከምኡ እውን ካብ እቲ ኣብ 8-10 ዝርከብ **FNS** ክፍሊ ፣
Rue de la Fonderie
L-1531 Luxembourg
ሰኑይ-ዓርቢ 8:30 am - 11:30 am ይኽፈት

## 2 ነቲ መመልከቲ ምምላእ

እቲ REVIS ቅጥዒ ኹሎም ናይቲ ሰድራ ቤት ዓበይቲ ኣመልከትቲ ክምላእን ክፍረመሉን ኣለዎ፣ ቀጺሉ ናብ B.P. 2411 L-1024 Luxembourg ወይ ድማ ናብ FNS ክፍሊ ክርከብ ኣለዎ። ኣመልከትቲ ኣብ ጉዳይ መመልከቲኦም ካብ ሰራሕተኛታት FNS ወይ ድማ ካብ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዘሎ በዓል መዚ መንበሪ ዝርከብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝሰርሕ ሓጋዚ፣ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ።

## 3 ተወሳኺ ሓበሬታ

እንድሕር ኣገዳሲ ኮይኑ ትረኺቡ፣ FNS ነቲ ኣመልካቲ ብፖስታ ኣዘራሪቡ፣ ውሳነ ንምሃብ ዘድሊ ዝኾነ ተወሳኺ ሓበሬታ ክሓትት እዩ።

## 4 ምርመራ/ግመገማ

ምርመራ እቲ ሕቶ ብ FNS፦

- እንድሕር እቲ ኣመልካቲ ነቲ ናይ ብቑዕነት መለክዒ ዘየማልእ ኮይኑ፣ FNS ነቲ ኣመልካቲ REVIS ምሃብ ናይ ምኽልካል ውሳኒኡ ይሕብረሉ።
- እንድሕር እቲ ኣመልካቲ ብ ADEM ክምዝገብ፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ማሕበራዊ፣ ናይ ሕብረተሰብ ጥዕና ወይ ናይ ቋንቋ መደባት ወይ ፕሮጀክታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክሳተፍ ግዴታ ዘይብሉ ኮይኑ፣ እቲ መመልከቲ ን FNS ጥራይ ይምልከቶ።
- FNS ኩሎም ካልኦት ሓበሬታት ናይቲ ኣመልካቲ ናብ ADEM ይልእኽ።

FNS ቆጸራ ናብ ኣብ ADEM ቤት ጽሕፈት REVIS ዝግበር ምረምራ መግለጺ/ፕሮፋይል/ ብፖስታ ዕድመ ይልእኽ።

**ጠቓሚ፦**
**እንድሕር እቲ ኣመልካቲ ኣብ ADEM ቤት ጽሕፈት REVIS ዝነበረ ቆጸርኡ ዘይተረኺቡ፣ መመልከቲኡ ይንጸግ።**

## 5 ትንተና መግለጺ/ፕሮፋይል/

ADEM ነቲ ናይ ኣመልካቲ ፕሮፋይል ይትንትንን ኣየናይ ትካል ነቲ መመልከቲ ከም ዝሕዞን ይውስንን፦

- እቲ **ADEM** ወይ
- እቲ **ONIS**



**ክፍሊት REVIS ሽዑ ክጅምር ይኽእል**

## ብ ADEM እንድሕር ተታሒዙ

ነቲ ከይዲ ምዝገባ ንምዝዛም፣ እቲ ኣመልካቲ ምስ ADEM ናብ ዝህልዎ ቆጸራ ክዕደም እዩ።
ቀጺሉ ሞያዊ ኣማኻሪኦም ብዛዕባ ኣብ ADEM ዘለዎ መሰላትን ግዴታታትን ክገልጸሉ እዩ።

## ብ ONIS እንድሕር ተታሒዙ

**1ይ ሰጉምቲ:**

**ሓበሬታዊ ቆጸራ**
እቲ ኣመልካቲ ONIS የዘራርብዎ፣ ቀጺሉ ኣብ 13C Rue de Bitbourg, L-1273 Luxembourg ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ONIS ናብ ዝህሉ ሓበሬታዊ ኣኼባ ይዕደም።

**2ይ ሰጉምቲ:**

**እቲ መመልከቲ ናብ ሓላፊ ዞባዊ ማሕበራዊ ምክታት (ARIS ብቋንቋ ፈረንሳ)**
ቤት ጽሕፈት ከባቢያዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እቲ ኣመልካቲ ምስ ARIS ንምርኻብን ብሓባር ትልሚ ውልቃዊ ደገፍ ንምቅማጥን ቆጸሮ ይሕዝ።
እዚ ቆጸራ ወሳኒ እዩ።




ናትካ
# REVIS
መምርሒ መመልከቲ

ምስ 3 ኣዝየን ወሰንቲ ተግባራት፦

LE GOUVERNEMENT
DU GRAND-DUCHÉ DE LUXEMBOURG
Fonds national de solidarité

LE GOUVERNEMENT
DU GRAND-DUCHÉ DE LUXEMBOURG
Ministère de la Famille, des Solidarités,
du Vivre ensemble et de l'Accueil
Office national d'inclusion sociale

adem




## ተወሰኽቲ ሕቶታት ብዛዕባ REVIS፡-

- "REVIS" ማለት እንታይ ማለት እዩ?
- እንተሰሪሐ ን REVIS ከመልክት ይኽእል ድየ?
- REVIS ፋይናንሳዊ ዓቅሚ ዘለዎ ድዩ?
- ን REVIS መሊሰ ክከፍሎም ኣለኒ ዶ?
- ንተጠቀምቲ REVIS እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት ይወሃብ?

ኩሉ መልሰታትኩም ኣብዚ ክትረክቡ ትኽእሉ፡-

ሰድራ ቤትኩም ብቁዕ ክኾነሉ ዝኽእል ናይ REVIS መጠን ገንዘብ በቲ ናይ ኦንላየን ኳልኩ ሌተር ረኣይ።

## ሓፈሻዊ ሓበሬታ፡-

- FNS ኣብ ግዜ ክፍሊት REVIS፣ ፋይላት ተረባሕቲ ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ይህልዎ።
- ተረባሕቲ ብዛዕባ ንREVIS ዘለዎም መሰል ወይ ናይ ብቑዕነቶም ሰልሒት ዝጸሉ፣ ኣብ ኩነታቶም ዝህሉ ዝኮነ ለውጢ ን FNS ክሕብሩ ኣለዎም።
- ኣመልከትቲ ወይ ተረባሕቲ
  ዝርዝር ሓበሬታ ወኪል ንምርካብ ንዌብሳይት FNS ክውከሱ ይኽእሉ።